# <u>ትግራይ ኩሕሎ!!</u>

ሓጋይ ክረምትኺ ሓምለዋይ ለምለም

መበቆል ድንቅነሽ ወ–ሰላም፣

ወናኒት ደጉዓ፣ ሓውሲ ደጉዓ ቆላ

ቅድመ ድሕረ ስልጣነ ኣክሱም ዘዔመላ፣

ሰፈር ታወተ ፅዮን መስደመም መሀነን፣

መድሓንትና መቓብርና …ጎላጉልኪ ገርሁኺ

ጎባታትኪ፣ ኩጀታትኪ ጋሓርትኺ ሩባታትኪ

ምፅባቑ

ምውራቑ፣

ኩሕሎ'የ ኩሕሎ

ብደም ኣዕፅምቲ ደቓ እትሕሎ

ራህዋ ዳኣ ይኹን ልኪ'ምበር

ሃብትኽስ ሙሉእ'ዩ ዘሎ፣

ተኣምር ተፈጢሩ ዝፀቐጦም እምኒ ተፈንቂሉ

‘ሃንደሰቲ ሊቀሊቃውንቲ ጥበብ ኢና'ዝብሉ

ደቂ-ሰገር ባሕሪ ትንሳኤ እንተዝብሰሩ፣

ደቂ ኦስትሪያ ጀርመን

ሞዛርት ቤትሆቨን

ጣልያናውያን ፖላንዳውያን

ሃንጋርያውያን ሩስያውያን

ፓላስቲሪና፣ ባህ ሰባስትያን

ፍሬዴሪክ ሄንድል--ጆሴፍ ሃይደን

ፍራንዝ ሺበርት--ፍሬደርክ ቾፒን

ፍራንዝ ሊስዘት---ሪቻርድ ዋግነር

ኤሊች ቻይኪቭስኪ-እንተዝለዓሉ

ካብ መቓብር፣

ብቁም ዜማ፣ ዝማሜ እንትውደስ

ብመርግድ ፀፍዓተ ቸብቸቦ ሕልና እንትሕደስ፣

ሰሚዖም ‘ማ መስተማቐሩ

ሃሴት ኣዕለቕሊቑዎም መንፈሶም መህጠሩ

ሽዕኡ ምበሉ ሓሓቁ ምመስከሩ

‘ትግራይ መሰረተ ቅድመ ኩሉ

ንስልጣነ ዓለምና መበቆሉ፣’

ይግበኣኪ እዩ...ኣንቲ ሓለፋ

ኣልማዝ፣ ዕንቊወርቂ ምንፃፉ፣

ደቅኺ እዞም ወሓላሉ

ይኽእሉ...ይኽእሉ፣

መስተንክራውያን ሓወልታት ኣክሱም፣ ላሊበላ ሃነፁ

ብሕታዊ መለለይኦም ስርዓተ ንግስና ሓንፀፁ፣

ጎሊሆም ዝለለይሉ ቋንቋ ፈጠሩ፣ ፊደል ቀረፁ፣

ሓፂን ኣምኺኾም ስንዑ

ሸኽላ ብኢደጥበብ ኣመልከዑ፣

ኣልማዝ፣ ዕንቍስኒ ሓርማዝ መጋየፂኦም

ንፀላኢ መከላኸሊ ዝሰርሑታ ብምህዞኦም፣

ሓራምዝ ዘላምዱ ጃልባታት ሰሪሖም ባሕሪ ዝተሳገሩ

ግድባት ሃኒፆም ስራሕቲ ሕርሻን መስኖ ዘዐመሩ፣

ቆርበት ፍሒቖም ቀለም ኣቃሚሞም

መፅሓፍ ዝደርሱ ዝድጉሱ፣

ወታደራዊ ሳይንስ ምሂዞም ነፃነቶም ዘውሕሱ

ክዳን ኣሊሞም ጠሊፎም ፅባቐ ዝውሕዙ፣

ቁኖ እርዮ፣ ኣልባሶ፣ ድርማሞ ናታቶም

ምግቢ ምብሳልን ምዕቛርን ሕርየት ጥበባቶም

መኒኡ ሓዲግናስ ብመኒኡ ክንገልፃቶም?

ትግራይ ክሕሎ ዝወለደቶም

ኣጀብ ብልሕታቶም፣

ኣንቲ ትግራይ ኩሕሎ

ሰላም ጥራሕ እምበር

ጥንታውነትክስ ይሕደስ’ሎ፣

ፈላስፋታት ደቐኺእኒ ደቂቀ እስቲፋኖስ

እኒ ዘርዓያዕቆብ…ካብ ኣንደበቶም ወለላ ዝሕፈስ

ማዕዳኣቶም ፅሩይ ማይን ወይንን ፃምእ ዘዐግስ፣

ʽሃይማኖታዊ ስርዓት ኣብ መንግስቲ

መንግስታዊ ስርዓት ኣብ ሃይማኖት

ኢድ ኣእታውነት ኣይሃሉ፣

ሓረስታይ ሓሪሱ ኣለሳሊሱ ኣደፋሪሱ፣

ዘሪኡ፣ ፅህዩ ዓፂዱ ኣዕዊዱ

ጫሊዉ ካብ ዘምሃሮ ምህርቱ ሲሶ ንቐዳሳይ፣

ሲሶ ንወዳሳይ፣ ሲሶ ንሓራሳይ’

እናተብሃለ ምምንዛዕ ጠንጠነሉ፣

ሱር ኣይሰደድ

ጥንቆላን ኣጉል እምነትን ይወገድ፣

ብስንሰለት ሰላም ንተኣሳሰር

ሓድነትና ከምዓረ ይጠንክር፣

ዓለም ሓለቓኣ ሓደ ፈጣሪ’ዩ፣

ንሱ እውን ንኹሉ ነገር ዝፈጠረ እዩ፣

ሰባት ብስመ ሃይማኖት ክጎጃጀሉን

ክባኣሱን …ክባኾሱ …ክወነጃጀሉ

ስልጣን ኣይኮነን’ሞ ነውሪ እዩ፣

ብኣምሳለ ፈጣሪ ዝተፈጠረ ኩሉ ሰብ ማዕረ እዩ፣

ሰብ ብሂወት ንኽነብር ሕግን ስርዓትን የድልዮ፣

ሰብ መፅዓን ደውዘብል ሓንጎል ተዓዲሉዎ

እሞ ክሓስብን ክመራመርን ኣለዎ፣

ፆታዊ ልዕለ ትሕትነት ወጊድ፣

ቀንጪስርዓት ይገውድ፣ ’

ኢላቶም ዓለም እነተይነቐሐት ነቒሖም ዘምሃሩ

ለባማት፣ ሊቃውንቲ ...ተካሩ ...ትግራዎት ተጋሩ

ዓለም ረሲዓቶም ንሶም እውን ረሲዖምዋ

ዋላ እውን ንሽሕ ዓመታት እንተደሓርዋ፣

ተበራበሩ’ምበር ተሳሓሉ

ቅያታት ነዓሩ፣

ኣንቲ ትግራይ ኩሕሎ

ጥራሕ ሰላም ኩኒ እምበር

ፅባሕኽስ ብሩህ እዩ ዘሎ፣

ደቅኺ ንግሪካዊ ሶቅራጦስ የኽብሩ ይንእዱ

ካብኣ ናብኣ ግን ንፍልስፍና ዘርዓያዕቆብ የዛይዱ፣

ምቁር’ዩ ዜማታት ሞዛርት፣ ቤትሆቨን

ልዕሊ ቅኒታት ሊቀሊቃውንቲ ቅዱስ ያሬድግና

ከመይ ኣቢሉ ክኾን?፣

ሊዮናርዶ ዳቪንቺ ርግፅ’ዩ ንሞናሊዛ ስኢሉ

ደቅኺ ድማ ዝስእለሉ ቀለማት ፈጢሩ፣

ሮማዊ ቅዲ ህንፃ “ኣጀብ”የብል “ኣብየት”

ቅዲ ህንፃ ኣክሱማውያን ግና ሕርየት እዩ ሕርየት፣

ፒያኖ፣ ጊታር፣ ሳክስፎን ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ይድመፃ

ንጭራ፣ ክራር፣ እምቢልታ፣ መለኸት፣ በገና፣ ዲቢ፣ ዕንድርፉፃ

ከመይ ኢሉን ክበልፃ ?

ኣንቲ ትግራይ ኩሕሎ

ሰላም ጥራሕ ፅገቢ እምበር

ፀጋኸስ ሕልፍን ሕልፍን እዩ ዘሎ፣

ኣንቲ ተምሳሌት ሓድነት ተዓዲልኪ፣

ከበሮኺ ነጋሪትኪ ፀናፅል ጭራኺ ጣቕዒትኪ፣

ኩዳ ኣውርስ ኣስታሊለ ጓዳ

ሁራ ክልተ፣ ሰለስተ ትልሂታትኪ

ንሕርየቱ

ንበይኑ ዓይነቱ፣

ድርሳናትኪ ምዕማቑ ምጥላቑ

ምብዝሑ

ምርብሑ፣

ኣንቲ ትግራይ ኩሕሎ

ራህዋ ዳኣ ኣንግሲ እምበር

ጊዜኸስ መፅዩ’ሎ፣

ትግራይ ኣንቲ ቀንጣጢት ፀላም

ጀጋኑ እተፈልፍል ሕልማን ተግባራን ሰላም፣

ትግራይ ዘይትነፅፍ ቀላይ

እኖ ሊቃውንቲ …ባሕሪ ተጋዳላይ

ህዝባ መስተውዓላይ …ቀላይ'ምበር ቀላይ፣

ትግራይ ኩሕሎ

ንዓና ንዓና ዘይብልኪ መልዕሎ

ጥራሕ ሰላም፣ ጥዕና፣ ዴሞክራሲ

ይብዘሐልኪ'ምበር መፃኢኽስ ብሩህ'ዩ ዘሎ፣

///

/ፀጋይ ሓድሽ _ካብ መቐለ /